


# ብሥራት መድኃኔ ዓለም

## መድኃኔ ዓለም ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ሥርዓተ ግዕዝ

## ቤተክርስቲያን ኤርትራ ሰበኻ ኣርሊንግቶን

መልእኽቲ ቆሞስ

መውጽኢ (1)
መልእኽቲ ቆሞስ (1)
ምሥጢራት ዝርኢ (6)
ብሥራት (ደሃይ) (8)
(መኣዲ ቃለ እግዚኣብሔር (17)
መደብ ቁምስና (19)
ቤት ትምህርቲ ሰንበት

Medhanie Alem Sunday School (MASS)

~~~~~~~~~~~~~~

Parish Council Comunication Contact:

TEKLEAB BRHANE
(703) 795-6914
TEWELDE WE/GHEBRIEL
(202) 271-3804


Or send e-mail to:
medhaniealem.geezrite@gmail.com

ሰቡ፡ ተወሳኺ ንቅዳሴን ካሊእ ኣገልግሎት ቤተክርስቲያን ን

YEMANE NEGASH
(202) 674-1013
ክትውከሱ ትኽእሉ።

## ‘ሓድሽ ዓመት ዓመተ ንስሓን ለውጥን ሕይወትካን መንነትካን እትረኽበሉ ዕለት "

ብስም ኅይታና እየሱስ ክርስቶስ ብመንፈስ እግዚኣብሔር ተሓጺብኩም ተቐዲስኩምን ጸዲኩምን ኢኻትኩም። ካብቲ ንኽርስቶስ ዝለበሰ ሰብ ኃጢኣት ከምዝተቐንጠጠ ንምርዳእ እግዚኣብሔር ብምስጢራቱ መባእታ ኽርስትና ገቢሩ ዝሃበና ጸጋታት ስፍሓቱን ጥልቀቱን ምግንዛብ የድሊ”።



(ናብ 3ይ ገጽ ይቅጽል)
~~~~~~~~~~~~~~



መድኃኔ ዓለም ካቶሊካዊት ሥርዓት ግዕዝ
ቤተክርስቲያን ኤርትራ
ሰበኻ ኣርሊንግቶን

*Medhanie Alem Ge'ez Rite*
*Eritrean Catholic Community*
*Diocese of Arlington*

# Important Parish Information

GENERAL GUIDELINES: Membership in Medhanie-Alem Parish should be done in a formal manner. All families are required to register by filling out their full names and addresses on the Registration Form. These are available from the parish office, or at the back of the Church. The Catholic Church requires that each member of a parish, to the extent allowed by his income, support the day-to-day running of the parish's pastoral activities.

## SACRAMENTS and PASTORAL CARE

Baptisms: Please telephone your Pastor at the office to make an appointment. Parents and godparents are required to attend a class in preparation for the celebration of this Sacrament: godparents please note - It is most important that you make sure your godchildren are receiving proper religious training and that they are going to Church and are enrolled in, and attend, religious education classes at their Church. You made a vow to this purpose at their Baptism.

Marriages: It is the policy of the Dioceses of Arlington that couples proposing to marry must first contact, or see, a priest or deacon at least six months before the date on which they intend to marry. The Church desires to help couples prepare a good foundation for a lifelong commitment to this sacred vocation of Marriage. Your pastor will make arrangements for you to attend Marriage Preparation classes. All Catholics are bound to observe the laws of the Church concerning marriage.

Confessions: are heard on Sundays from **2:00** pm to **2:25** pm. before the start of the Divine Liturgy, and any other times by appointment.

Funerals: Contact your pastor at the parish office to make arrangements.

## መልእኽቲ ቆምስ

ሓዋርያ የውሃንስ ክምዚ ዝስዕብ ይብል፥ "ኃጢአት የብልናን እንተበልና ንርእስና ነሰሓሕት ሓቅውን ኣባና የላን" ንስሓ ክትርጎም ከሎ ክቡራት ኣሕዋት ለውጢ የስምዕ።

ናይ ገዛእ ርእስካ ለውጢ: ደጋዊ ጥራይ ዘይኮነስ እንተላይ ውሽጣዊ ለውጢ ናይ ሕይወት የስምዕ። ስለዚ ዚኮነ ኣማናይ ክርስትና ኣብ መዓልታዊ ህይወቱ ኣብ ልውጢ ዕርቂ ምሕረት ክመላለስን ክኣምንን ይግበኦ።

መኣስ ኢና ንሕና ተለዊጥና እንብል ጽልኢ ናብ ዕርቂ: ስስዕ ናብ ልግሲ: ጽልኢ ናብ ዕርቅን ፍቕርን ምስ እንልውጦ .. እዚ ምስእንፍጽም ኢና እምበኣር ኣብ ሕወትና ለውጢ ገቢርና ክንብል እንኽእል።

ሕይወት ንምልዋጥ ብጣዕሚ ጸገም ኢዩ። ዓሚቕ ብስለትን ዕብየት ናይ እምነትን ይሓትት። ብፍላይ ዓሚቕ እምነት ኣብ ቃል ኣምላክ። ስለዚ ከምቲ መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቲ ኩሉ ዚነበሮ ክብሪ ገዲፉ ገዛእ ርእሱ ኣሕሊፉ ዚሃበ: ንሕናውን ነቲ ኩሉ ኣባና ዘሎ ክፍኣት: ሕመቕ: ጉድልነት ክንቀትሎ ገዛእ ርእስና ክንመውት ይግበኣና: ምእንቲ ዳሕራይ ክነብር።

ጳውሎስ ክምዚ እንዳበለ ይጽሕፍ "እምበኣር ናይ ክርስቶስ ብምኽንኩም ኣተባቢዕኩም እንተ ደኣ ኾይኑ፥ ብፍቕሩ ድማ ተጸናኒዕኩም እንተ ደኣ ኮንኩም፥ ምስ መንፈስ ቅዱስ እውን ኀብረት እንተ ደኣ ኣልዩኩም፥ ክምኡውን ለውሃትን ርኀራኄን እንተ ደኣ ኣልዩኩም፥ ሓንቲ ሓሳብ ብምሕሳብ፥ ብሓንቲ ፍቕሪ ብምትእስሳር፥ ብሓደ መንፈስ ንሓደ ዕላማ ብምዕያይ፥ ንሓጎሰይ ምልኣት ሃብዎ።

ሓንቲ ነገር እካ፥ "ንርእሰይ ይጥዓመኒ" ብምባል ወይ ንውዳሴ ኸንቱ ኢልኩም፥ ኣይትግበሩ። እካ ደኣ ትሕትና ብምልባስ፥ እቶም ካልኦት ካባኻትኩም ከም ዚበልጹ ጌርኩም ገምቱ። ነፍሲ ወከፍ ናይ ካልኦት ረብሓ ኸኣ እምበር ናይ ገዛእ ርእሱ ረብሓ ጥራይ ኣይርአ። እቲ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዝነበረ

ኣተሃሳስባ ኣባኻትኩም ይሃሉ። ፊል 2:1-5

ስለዚ ንስሓ ማለት ኣሕዋት ኣሓት ሕይወትካን መንነትካን ምርካብ ማለት ኢዩ። ነታ ብሙሉእ ድልየትካ ዘርሳሕካያ ነብስኻ .. ናብቲ ንቡር ጸዋዕታኣ ምምላስ ማለት ኢዩ።

እዚ ማለት ከኣ ንክርስቶስ እንደገና ምርካብ ማለት ኢዩ። ንመድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ምርካብ ማለት ኢዩ። ኣብቲ ወሃቢ ሕይወት ዝኾነ ቃላቱን - ምስጢራቱን: ሕግታቱ ወይ ትእዛዛቱን ፍቕሩን ምምልላስ ማለት ኢዩ።

ስለዚ ሓደ ኣማናይ ኣብ ሕይወቱ ናይ እምነት: ናይ ለውጢ ጉዕዞ ኪገብር እንድሕር ደኣ ኮይኑ: ተኣምር ኣብ ሕይወቱ ኪፍጸም እንድሕር ደኣ ደልዩ ንስሓ ኪኣቱ ይግብኦ። ምስቲ ኣምላኹን ፈጣሪኡን ክዕረቕ ይግበኦ።

ኣብ ንስሓ ዝመላለሱ ደቂ ሰባት ብሓቂ እቶም ብጹዓን ንቓል ኣምላኽ ሰሚያም ኣብ ቃሉ ኣሚኖም ኣብ ፍቅሩ ዝመላለሱ እያቶም፤ ነቲ ዘፍቀሮም ክርስቶስ ከፍቅርዎ ኣብ መዓልታዊ ሕይወቶም ዝጽዕሩ እያቶም። ስለዚ ሕይወት ክርስቶስ ኣሕዋት ፍቅሪን ሕውነት እዩ።

እዚ ዓይነት ፍቅሪን ሕውነትን ትሕትና ካባና ዝጠፍእ ብገርህነትን ብቅንዕናን ምስ ዘይንመላለስ ጥራይ ኢዩ ። ስለዚ ኣብ ጉዕዞ ክርስትናዊ ሕይወትና ኣባና ዘሎ ኣሉታዊ ነገር ምጥማት የድሊ።

ነቲ ኣባና ዘሎ ኣሉታዊ ነገር ጠሚትና ነቲ ኣባና ዘሎ ሕማም ከምዘለዎ ምቕባል: እዚ እቲ ቀዳማይ መገዲ ናይ ዕርቂ - ናይ ንስሓ ኢዩ። ብፍላይ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽና በደልናን ጉድልነትናን ጌጋናን ተቀቢልና ክንክእል ኣለና። ምኽንያቱ ጉድልነትካ ዘይምቅባል: ነቲ ክትገብሮ ዘለካ ጉዑዞ ወይ ለውጢ ዝዓግት ኢዩ። ስለዚ ንስሓ ማለት ብቀሊል ኣዘራርባ ናኣሽቱ ምኧን: ንኹሉ ክትከስር ቁሩብ ምኻን ማለት ኢዩ።

እቲ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዝነበረ ኣተሓሳስባ ኣባና ከንጸባርቕ ምጽዓር ማለት ኢዩ።

ዓሚቕ ትርጉም ናይ ንስሓ እምበአር ንኩሉ ሓሳብካ ብምሉኡ ኣብ ናይ እግዚኣብሔር ነገራት ኣተኵርካ ብእምነት ምምልላስ ማለት ኢዩ። ካብ ገዛእ ርእስኻ ወጺካ ብፈሪሓ እግዚኣብሔር ምንባር ማለት ኢዩ።

ከምቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዝብሎ ምእንቲ ኣምላኽ ኢልካ ዓሻ ምዃን ማለት ኢዩ። ምስ ዳዊት ኮይና "ኦ ኣምላኽ ጽሩይ ልቢ ፍጠረልይ ጽኑዕ መንፈስ ኽኣ ኣብ ውሽጠይ ሓድስ እንዳበልና ምንባር ማለት ኢዩ።

ስለዚ ምስጢረ ንስሓ ምስ እግዚኣብሔር ዓሙቕ ርክብ ንኽንገብር: ኣብ ፍቕሩ ክንመላለስ: ክንዓቢ ይሕግዘና። ኣብዚ ግን ከምቲ ኣቀዲምና ዝበልናዮ ሓደ ዓቢ መሰረታዊ ለውጢ ንኽትገብር: ሓደ ዓቢን ዓሙቕን መሰረታዊ ምናኔ ኣብ ሕይወትካ ክንገብር የዲሊ።

ማለት ካብ ገዛእ ርእስኻ ብምውጻእ: ኣነ ዝብል ቃል ገዲፍካ ንሕና (ናይ ሓባር ረብሓ) ዚብል ቃል ምጥቃም። ሓደ ዓቢ ፀሓፋይ ብዛዕባ እዚ እንኪዛረብ ከምዚ ይብል "ሓደ ሰብ ጥዑይ እንብሎ ኣብ ሕብረት ዚነብር ሰብ ኢዩ ይብል"።

እቲ ሕሙም ሰብ ዚበሃል ከኣ እቲ ንዓይ ጥራይ እናበለ ዚነብር እዩ። ናይዚ ኣብነት ባዕሉ መድሓኒና ክርስቶስ ኣለና። ነቲ ዝነበሮ ኩሉ ክብሪ ገዲፉ ምስቶም ሰረቕትን ዓመጽትን ክስቀል መሪጹ። መጨረሻ ዓስቢ ናይዚ ኩሉ ከኣ እግዚኣብሔር-ኣብ እቲ ዝዓየ ሽልማት ሂብዎ። ኣብ ልዕሊ ኩሉ ፍጡር ልዕል ከኣ ኣበሎ።

ስለዚ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክሳብ ኽንድዚ ካብ ኣፈቀረና ነቲ መንገዱን ትእዛዛቱን ንኽንክተልን ምኽሩ ክንሰምዕን እንታይ ይጽግመና! ንድሕነትና ዘይንጽዕረሉን ኣብ ምሥጢረ ንስሓ ዘይንመላለሰሉ እንታይ ኣለና! ስለዚ እዚ ምሥጢር እዚ ነቶም ፉሉይ ፍቕርን ፉሉይ ኽብርን ረኺብና ዘለና ኣመንቲ ክርስቶስ እዩ ዝምልከት። ነዚ ተረዲእና ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ኣብዚ ምሥጢር እዚ ክንመላለስ ይግበኣና።

ኣብ ንስሓ ንኽንቀርብ ወይ ኽንመላለስ ዝሕጉዙና መንገድታት ብዓቢኡ:

እምነት ኣብ ምስጢረ ንስሓ: ኣብ ምሕረት ኣምላኽ: ኣብ በደልካ:

ኣብ ድኻምነትካ የድሊ። ካብ ኣንነትካን ግላዊ ኣተሓሳስባኻን ኣካይዳኻን ወጺኻ ብመንፈስ ክርስቶስ ተጓዒዝካ ምኽኣል የድሊ።

ነዚ ኹሉ መንፈስ ክርስቶስ ኣባና ንኽሓድር ግና ቁ. ኣልፈንሶስ ዚህበና ምኽሪ ኣለና። እታ ኽትጥቀመላ ዘለካ ብረት ሓንቲ ትኹን ይብል። ንሳ ኸኣ ጸሎት ማለት ንቕሓት ሕልና። ማለት ነቲ ዘዘናግዓካን ካብ እግዚኣብሔር ዘርሕቐካን ነገራት ኣቐዲምካ ምፍላጡ።

ምስ'ዝን ክልተ ነገራት ለጊባ እትኽይድ ከኣ ጽንዓት እያ። ኣብ እምነትና ንጽናዕ፡ ኣብ ጸሎት ንጸመድ፡ ቃል ኣምላኽ ንምስማዕን ንምንባብን ንትጋህ፡ ኣብ ምስጢራት ንመላለስ፡ ልዕሊ ኩሉ ምስ እግዝኣብሔር ርክብና ነዘውትር / ኣብ መዓልታዊ ጉዕዞና ምስኡ ነዋግዕን ንራኽብን፡ ነዚ ንምግባር እግዚኣብሔር ብመንፈሱን ርሕራሔኡን ይደግፈና።

*ኣባ ሓጎስ ተስፋጋቢር*

## ብዛዕባ ምሥጢራት ዝርኢ መምርሒ!

### ለቡ

### ምሥጢረ ጥምቀት

1ይ. ንምሥጢረ ጥምቀት ዝርኢ ኣቀዲምካ ቅድሚ ወርሒ ንቆሞስ ሓቢርካ፡ ብኣካል ኣብ ቤተክርስቲያን መጺኻ ምዝርራብ ቀጥዒ {Form} ምምላእ የድሊ።

2ይ. እቲ ቀዳማይ ኣቦ ጥምቀት/ኣደ ጥምቀት ዝኸውን/እትኸውን ኣማኒ ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ክኸውን ኣለዎ። ካብኡ ወጻኢ ቅቡል ከምዘይኮነ ኣቐዲምና ክንሕብር ንፈቱ።

3ይ. ኣቦ ጥምቀት/ኣደ ጥምቀት ዝኸውን/እትኸውን ካብ ኣባል ቁምስና መድኃኔ ዓለም ወጻኢ ምስዘይኸውን/ ምስዘይትኸውን ካብ ቁምስናኡ /ቁምስናኣ ወረቐት ምስክርነት ከምጽእ/ከተምጽእ ይግባእ።

ብዘይ ምስክርነት ናይ ቁምስና ወላ ኣማናይ ካቶሊክ ይኹን/ትኹን ብዘየገድስ ኣቦ ጥምቀት/ኣደ ጥምቀት ክኸውን /ክትከውን ኣይከኣልን፡፡

ንምሥጢራት ካልእ ጉዳይ ንምዝርራብ ወትሩ
**ረቡዕ**
10 am -5pm

**ዓርብ**
ካብ 3 pm – 5 Pm

## ምሥጢረ ቁዱስ ቁርባን

**ንምሥጢረ ቁዱስ ቁርባን ዝርኢ፡-**

1ይ - ዝተጠምቀ ክኸውን ኣለዎ፤

2ይ - እንተ ወሓደ ኣብ ቁምስና መድኃኔ ዓለም ብዝግባእ ትምህርቲ ክርስቶስ ዝተማህረን ዝተኸታተለን፤ ወይ ድማ ብዝተፈላለየ መንገዲ ኣብ ቁምስና መድኃኔ ዓለም ክከታተል ክመሃር ዘይከኣለ፡ እንተኾነ ኣብ ካሊእ ቤተክርስቲያን ወይ ቁምስና ብዝግባእ ዝተማህረ፡

ካብቲ ዝተማህረሉ ቁምስና መሰነይታ ምስክርነት ኣቀዲሙ ብምቕራብ መጀመርታ ቁዱስ ቁርባን ክቕበል ይኽእል። ተወሳኺ ካብዚ ዝተፈለየ ምኽንያታት እንተሎ ኸኣ ኣቀዲሙ ምስ መማህራን ትምህርቲ ክርስቶስን ቆሞስን ይዛተ።



## ምሥጢረ ሜሮን ዝቕበል




1ይ - ዝተጠምቀ ክኸውን ኣለዎ፤

2ይ - ቅዱስ ቁርባን ዝተቐበለ፤

3ይ - እንተ ወሓደ ኣብ ቁምስና

መድኃኔ ዓለም ብዝግባእ ትምህርቲ ክርስቶስ ዝተማህረን ዝተኸታተለን፡ ወይ ከአ ብዝተፈላለየ መንገዲ አብ ቁምስና መድኃኔ ዓለም ክከታተል ክመሃር ዘይከአለ፡ እንተኾነ አብ ካሊእ ቤተክርስቲያን ወይ ቁምስና ብዝግባእ ዝተማህረ፡ ካብቲ ዝተማህረሉ ቁምስና መሰነይታ ምስክርነት ቅዱስ ቁርባን ከምዝተቀበለ አቀዲሙ ብምቕራብ ምሥጢረ ሜሮን ክቕባእ ይኽእል። ዝተፈለየ ምኽንያታት እንተሎ ኸአ አቀዲሙ ምስ መማህራን ትምህርቲ ክርስቶስን ቆሞስን ይዛተ።




## ብሥራት (ደሃይ)

## በዓለ ቅዱስ አንጠኒዮስ 2025



በዓለ ቅዱስ አንጠኒዮስ ዓመታዊ ቅዱስ ኣንጠኒዮስ 15 ሰነ 2025፡ አብ ቁምስና መድኃኔ ዓለም ተከቢሩ ውዒሉ። ናይቲ መዓልቱ ዝርኢ አስተንትኖ ከምዘለዎ ነቕርበልኩም፡-

ሓደ ካብቶም አዝዮም ህቡባት ቅዱሳን ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ዝኾነ ቅዱስ እንጦንዮስ ጽልዋ ዘለዎ ሰባኺን መምህርን እዩ ነይሩ። ብ1195 አብ ሊዝቦን ፖርቱጋል ከምዝተወልደ።

ንህጻን ኢየሱስ ሓቂፉ፡ዕምባባ ወይ መጽሓፍ ሒዙ ዘርኢ ምስልታት ንርኢ፤ ወይ ከአ ለስቲኦም ብሓባር አብ ሕቑፉ ንርኢ። ንኹሉ አማናይ ክርስትና ብፍላይ ከአ ንዓና ንደቂ - ክርስትያናዊ ሕይወት እንታይ ክመስል ከምዘለዎ ዘደንቕ አብነት ሂቡና እዩ። ንሱ ናይ ድኻታት፣ ናይ

ባሕረኛታትን ገፈፍቲ ዓሳን፣ ናይ ካህናትን ተጓዓዝትን ቅዱስን ሓላዊን፡ ተኣምራታት ዝገብርን ተባሂሉ ዝፍለጥ፡ ሕይወት ቅዱስ እንጦንዮስ ኣዝዩ ዘደንቕ እዩ።



ካብቲ ኣብነታዊ ሕይወት ቅዱስ እንጦንዮስ ብዙሕ ጥበብ ክንመሃር እካ እንተኽእልና እቲ ዝዓበየ ክንወስዶ ዘእልና ግን ዘለዓለም ሕይወት ኣብ ትሑታት ዝነብር ምዃኑ። ዘለዓለም ሕይወት ኣብቶም ትሑት ሕይወት ብትሕትና ዝመላለሱ - ዝነብሩ ሰባት ምዃኑ ክንግንዘብ ንኽእል።



ሕያውነት ኣምላኽ ክንደይ ዓብዪ እዩ! ክብሪ ናይቲ ዝንሳሕ ክንደይ ዓቢ እዩ! እቲ ኣብ ዘልዓለም ዝነብር፡ ኣብ ልቢ ትሑታትን፡ ኣብ ነፍሲ እቶም ዝንስሑን ይነብር! እቲ ኣብ ኩሉ መዓልታዊ ሕይወቱ ንገዛእ ርእሱ ዘትሕት ኣብ ኩሉ ትሕትና - ናይ ብሓቂ ናይ ሓደ ዝተጣዕሰ ልቢ ምልክት እዩ። ካብ ሕይወት ቅዱስ እንጦንዮስ ክንመሃሮ እንኽእል ሰለስተ ትምህርቲ እነሆ።

## 1 – ኣብቲ ውረድን ደይብን ዝመልኦ ሕይወትና ትብዓት ክህልወና

ቅዱስ እንጦንዮስ ሓደ ካብቶም ዝበለጹ ኣብነታት ኣብ ዝኾነ ኩነታት ይረኸብ - ነቲ ኩነታት ብትብዓት ከምዘለዎ ተቐቢሉ ዝጎዓዝ ቅዱስ ኢዩ።

ነፍሲ ወከፍ መዓልትን ግዜን ከም ፍቓድ ኣምላኽ ክንነብር ዕድል ዝህብ ኢዩ። ቅዱስ እንጦንዮስ ንነፍሲ ወከፍ ኩነት ሕይወቱ ምስ እግዚኣብሔር ዘለዎ ርክብ ዝምድና ንምዕማቕ ዕድል ዝኸፍት ኢዩ ነሩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዘጋጥሞ ዘይተጸበዮ ኩነታት ሕይወት ብፍቕሪ ምላሽ ይህብ ነበረ።

ነቲ ውረድን ደይብን ዝመልአ ሕይወት መለኮታዊ ጸዋዕታ ምዃኑ ኣሚኑ - ብእምነትን ክምልሰሉ ይመርጽ ነበረ። ኣብዚ እዋ ዝብል መልሲ ንምሃብ ዝነበሮ ድልየት፡ ንክርስቶስ ንምስዓብ ሕይወቱ ንምውፋይ ዕዉት ገበሮ።

ናይ ትብዓትን ምትእምማንን ትሕትና ዝመልኦ ፍቕሪ እግዚኣብሔርን ስነስርዓት ዘደንቕ ኣብነት እዩ። ቅዱስ እንጦንዮስ ሓደ ካብቶም ዝበለጹ ኣብነታት ነፍሲ ወከፍ ኩነታት ሕይወትና - ከምቲ ዘለዎ ተቀቢልና ንምኽአል ይምህር ኢዩ። ነፍሲ ወከፍ ኩነታት ሕይወትና ከም ፍቓድ ኣምላኽ ንክንነብር ዕድል ክህበና እዩ።

ቅዱስ እንጦንዮስ ንነፍሲ ወከፍ ኩነታት ሕይወቱ ምስ እግዚኣብሔር ዘለዎ ርክብ ንምዕማቕ ዕድል ጌሩ ዝተቐበለ እዩ፡ ፡ ንሕናውን ነዚ ዕላማ ክንጥቀመሉ ንዕደም።

## 2 – ብዛዕባ ድሌታት ካልኦት/ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ምግዳስ

ቅዱስ እንጦንዮስ ንጻውዒት እግዚኣብሔር ምላሽ ክህብ ተረኺቡ፣ዋላ’ውን መስዋዕቲ ስጋብ ምኽፋል ዝሓቶ ምካኑ እንተፈለጠ ብእምነት ንጸዋዕታ ኣምላኽ ብፍቕሪ ምላሽ ክህብ ተረኽበ።



ስለዚ ኣብዚ ክንርድኦ ዘለና ንሕናውን ነፍሲ ወከፍና ብመንፈሳውነት ቅዱስ ኣንጠኒዮስ ተመሪሕና ንእግዚኣብሔር ምላሽ ክንህብ ዝተጸዋዕና ኢና።

ስለዚ ከምቲ ኣቀዲምና ዝበልናዮ ኣብዚኾነ ኩነታት ንረኽብ - እዚ ጸውዕታ እዚ ናይ ኣምላኽ ምኻኑ ኣሚና ብትብዓት ክንጎዓዝ የድሊ። ክህልወና ይኹን እምበር እግዚኣብሔር ካብቲ ህቦብላን ሕማሙን ዳግማይ ኣንፈት መገዲ ክህቦ ተረኽብ፡ ቅዱስ ኣንጠኒዮስ ድማ ኣምላኽ ካልእ መደባት ከም ዘለዎ ተረድአ።

ቅ ኣንጦንዮስ ንጐይታ ብዘለዎ ተኣዛዝነት - ከም ሓደ ናይ ክርስቶስ ሚስዮናዊ ኮይኑ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ዘድሕን መርከብ ኰነ። ነቲ ክርስቶስ ንሕይወትና ዝሓንጸጾ መደብ ተገዚእና ክንስዕቦን ኣተኩሮና ናብኡን ናብ ካልኦትን ምስ እንገብርን፡ ምልአት ዘለዎ ሕይወት ክንነብር ንጅምር።

ተግባር ቃላት ግብሪ ዓው ኢሉ ይዛረብ፣ ቃላትና ከም ዝምህር - ተግባራትና ከአ ከምዝዛረብ ንግበር። ምኽኒአይቱ ተግባር ካብ ቃላት ንላ ዕሊ ስለዝዛረብ።

### 3 – ምሉእ ብምሉእ ኣብ እግዚኣብሔር ተኣማሚንና ተጸጊዕናን፡ ኣእጋርና ኣብ መሬት ኣጽኒዕና ምጽናሕ፡

ቅዱስ እንጦንዮስ ኣብ መላእ ዓለም ፍቱው እዩ። ኣብ ምሉእ ሕይወቱ ካብ ኩሉ ናይ ገዛእ ርእሱ ጣዕምን ሓጎስ ወጺኡ ብተአምራታዊ መንገዲ ይነብር ስለዝነበረ እዩ።




ንቅዱስ አንጠኒዮስ ፍሉጥ ዝገበሮ ኣብቲ 1222 ዶመንካውያንን ፍራንቸስካውያንን ክህነት ዝቐበሉሉ መዓልቲ ብዝገበሮ ስብከት ነበረ። ከምኡ ክገብር ዝኽኣለ ኣብ ኣምላኽ ብዝነበሮ እምነት ጥራይ እዩ።

እቲ ኣውራጃዊ ሓለቃ ካብ ሓደ ካብቶም መነኮሳት ሓጺር ስብከት ንኽገብሪ ሓተተ፣ ኣብኡ ድማ ዝኾነ ብድልየቱ ዝቀረበ አይነበረን፡ ቅዱስ አንጠኒዮስ ወዲ 27 ዓመት ከሎ ሓጺር ስብከት ክህብ ተሓተተ፡ ኣቐዲሙ ምድላው ከይገበረ ነቲ ዕድመ ተቐበሎ። እቲ ንኽህነት ዝጸውዖ ኣምላኽ ንኽዛረብ ቃላት ከም ዘቕርበሉ ይኣምን ነበረ። በዚ እምነት እዚ ኸአ ክሰብኽ ጀመረ። ኩሎም ድማ በቲ ዝነበሮ ፍልጠቱን ናይ ምዝራብ ህያቡን ኣዝዮም ተመሲጦም።

ቅ. ኣንጦንዮስ ንኣምላኽ ሕቶታት ኣይቕረበን፡ ሰባት እንታይ ከም ዝሓስቡ እናተጨነቐ ግዜ ኣየጥፍአን፣ ትእዛዝ ጐይታ'ዩ ተኸቲሉ። ኣሚኑ ድማ ውጽኢቱ ድማ ነቲ ልዑል ኣምላኹ ሓደጎ።

"ዝተፈጥሩ ነገራት ክሳብ ክንድዚ ፍጹም ፍቑራት ካብ ኮነ፡ እቲ ዝፈጠሮም ክንደይ ብኽብሪ ጽቡቕ ክኸውን ኣለዎ። ጥበብ ናይቲ ሰራሕተኛ ብስራሕ ኢዱ ይግለጽ።"




ማሕበር ቅዱስ አንጠኒዮስ ይባርኽን ይቀድስን! ንኹሉ እትገብርኦ አገልግሎት ከአ እግዚአብሔር ይባርክን! *ኣሜን*

## ዓመታዊ ክብረ በዓል መድኃኔ ዓለም

ዓመታዊ ክብረ በዓል መድኃኔ ዓለም ኣብ ቨርጂኒያ መሪላንድ ዋሽንግቶን ዲሲ ብዝርከቡ ካቶሊካውያን

ኢርትራውያን ብኽብ ዝበለ ተጸንቢሎ ውዒሎ።



አብቲ ሰዓት 10 ናይ ንግሆ ብማኅሌት ዝጀመረ አምልኾ ልክዕ ሰዓት 11 ብሸዱሽተ ካህናት ተሰኒዩ መስዋዕተ ቅዳሴ ዓሪጉ። አብዚ መስዋዕት ቅድሴ ዝተሳተፉ አቦታት ካህናት፡ አባ ሙሴ ስታዊ፡ አባ አባይነህ ቆሞስ ኢትዮጳውያውያን ካብ ኪዳነ ምሕረት ዋሽንግቶን ድሲ፡ አባ ዮሓንስ ካብ ዓዲ እንግሊዝ፡ አባ ሚካኤል ቆሞስ መድኃኔ ዓለም ቻርሎት፡ አባ አልአዛር ካብ ሰበኻ ዋሽንግቶን፡ አባ ሓጎስ እያቶም።



ብተወሳኺ አብቲ ብዝሒ ምእምናን ዝተሳተፍዎ ክብሪ በዓል መድኅኔ ዓለም፡ ቆሞስ ደብረ መድኅኔ ዓለም፡ ክቡር ቀሺ ወንደትንሣኤ ምስ ምእመናኖም ካልኦትን ክሳተፉዎ ክኢሎም ።

ካብዚ ቀጺልና ናይቲ መዓልቱ ብክቡር አባ ሚካኤል ዝተዋህበ ናይ ማዓልቱ ቃል አምላኽ አስዕብና ከምዘለዎ ነቕርበልኩም፡-

አብ ዝሓለፈ ቅንያት ምስ ሓደ ብመንሽሮ (ካንሰር) ዝተጠቕዐ ንእሽቶ ወዲ ዝተገብረ ቃለ-መጠይቕ ዘርኢ ኣዝዩ ልቢ ዝትንክፍ ቪድዮ ኣብ ዝረኣኹሉ።
እቲ ሓታቲ ነቲ ሕጻን ሕቶ ይሓቶ፡- "አምላኽ ንምንታይ መንሽሮ (ካንሰር) ክትሓምም ጌሩካ?"



እቲ ሓታቲ ነቲ ሕጻን ሕቶ ይሓቶ፡- "አምላኽ ንምንታይ መንሽሮ (ካንሰር) ክትሓምም ጌሩካ?"

እቲ ቆልዓ፡ ብዘይነቓነቕ እምነትን፡ ዘደንቕ ርእሰ ተኣማንነትን ፈጺምካ ካባኡ ዘይትጽበዮ መልሲ ክህብ ኢዩ ዝረአ፡-

ንሱ እምበኣር ኣምላኽ ነዚ ጉዕዞ'ዚ ንዕኡ ከም ዝመረጾ (ዝሓረዮ) ይኣምን። “ስለ ዝሓረየኒ” ደጊሙ ስለምንታይ ንዓኻ፧ ተባሂሉ ምስ ተሓተተ፡ "ምኽንያቱ ኣነ ፍሉይ ስለዝኾንኩ እየ" ይብል።

ፈጺሙ በቲ ወሪድዎ ዘሎ ምስ ኣምላኽ ኣይተማረረን ወይ ብቁጥዐ ኣይተዛረበን። እካ ደኣ ኣምላኽ ነዓኡ ካብ ኩሎም መሳትኡን ብጾቱን ስለዝመረጾ ብፍሉይ ፍቅሪ ከምዘፍቀሮ ኢዩ ብርእሰ ተኣማንነት ክገልጽ ዝረአ።

እቲ ዝዓበየ መልእኽቲ ናይቲ ሕጻን ድማ እቲ ኽበዱን ቃንዛኡን ጽቡቅ ጌሩ ስለዝፈልጦን ዘስተማቐሮን፡ እቲ ኣባኡ ወሪዱ ዘሎ ስቃይ ኣብቶም ካልኦት ኣይምነዮን፡ ግን ንሱ ነቲ ስቃይ’ቲ ብምጻሩ ነሕዋቱን ስድራቤቱን ናጻ ብሙኻኖም ኣዝዩ ሓጎስ ከምዝፈጥረሉ ይነግር።

ሎሚ ኣብ ዙርያና ኣዒንትና ብምስትዉዓል እንተጠሚትና ክንደይ ቃንዛ ዘለዎም ኣሕዋትን ኣሓትን ምህላዎም ንምርዳእ ዝከብድ እይመስለንን።

ስቃይ ደቂ ሰባት ጥራይ ዘይኮነስ ሕይወት ደቂ ሰባት ኣብ ቃሕ ሰም ሓንቲ በደል ዘይብሎም ክጸንቱ ምርኣይ’ዉን ባህርያዊ ኮይኑ ይርከብ ኣሎ።

ኣዴታት ዝገብራኦ ጠፊእወን ንደቀን ብነጸላ ሸፊነን ካብቲ ሰይጣናዊ ፍጻሜን፡ ዘይምሕር ኣጽዋርን ከገላግላ ክፍትና ክትርእየን ከሎኻ፡ እምበር’ዶ እዚ ኣምላኽ ኣሎ ኢዩ ንምባል ዘብጸሓና ክኸዉን ይኽእል ኢዩ።

እቲ ዝዓበየ ነገር ኣብዚ እምበኣር ምስዚ ኩሉ ድኻምነትና ንፍቅሪ ዝተጸዋዕና ፍጡራት ሙኻንና ኢዩ። “ከነፍቅርን ክንፍቀርን “ከነፍቅር ግቡእና፡ ክንፍቀር ድማ መሰልና”

እቲ ፍቅሪ ድማ ካባና ዝብገስ ዘይኮነስ ካብ ኣምላኽ ዝብገስ ኢዩ፡ ዮሓንስ ሓዋርያ ነዚ እንክገልጽ፡ “ፍቕሪ ማለት ከኣ ኽምዚ እዩ፡ ኣምላኽ ባዕሉ ስለ ዘፍቀረና ንሓጢኣትና ኬርሕቕ ኢሉ ንወዱ ስለ ዝሰደደልና እዩ እምበር ንሕና ስለዘፍቅርናዮ ኣይኮነን” (1ዮሓ 4፡10)

ኣምላኽ ንዓሌት ደቂ ሰባት ምስ ኣፍቀሮም፡ ከድሕኖም ደለየ’ሞ ነቲ ዋጋኦም ክኸፍለሉ ዝኽእል ብቁዕ ዋጋ ግን ኣይረኸበን፡ መልእኽቲ ናብ ዕብራዉያን ከምዘነጽሮ፡ ብዝተፈላለየ መንገዲ ድሕሪ ምፍታን ኣብ መወዳእትኡ ነቲ እንኮ ወዱ ብምሃብ ክሳዕ ክንድዚ ኣፍቀረና።

ኣቦ ብወዱ ጌሩ ፍቅሩ ገለጸልና፡ ኣብዛ ፍቅሪ ንኽንነብር ድማ ንነፍሲ ወከፍና

ዕድመ የቕርበልና፡- “ከምቲ ኣቦ ዘፍቀረኒ ኣነዉን ኣፍቂረኩም ኢየ፡ “ኣብ ፍቕረይ ንበሩ” (ዮሓ 15፡9)

መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ኩሉ ግዜ ብፍቕሪ ንዓለም ጸይሩ ዝነብር ኣምላኽ ኢዩ። ሓደ ግዜ ሓደ ካብ ቅዱሳን መላእኽቲ መድኃኔ ዓለም ብዘይ ዕረፍቲ ንዓለም ኣብ ኢዱ ጸይሩ ዝረኣዮ፣ ኣዝዩ ስለዝደንገጸሉ ጎይታይ እዛ ዓለም ሃበኒ’ሞ ቁሩብ ከተዕርፍ ምጻራ ክሕግዘካ እናበለ ይሓቶ። መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ድማ ያእ ኣይፋልካን፡ ደሓን እዚኣስ ኣነ ጥራይ ኢየ ዝኽእላ ብምባል ኣበዮ። እንተኾነ ፈጺሙ ከይሓገዞ ክሓድጎ ስለዘይደለየ፡ ኣይፋልካን ሃበኒ ደኣ ኢሉ ደጋጊሞ ለመኖ’ሞ፡ በል ሕራይ እንካ ተቐበለኒ ኢሉ ወያ ዓለም ኣረከቦ።

ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ኣብ ኣእዳዉ ብምጻር ንዓለም ብጥንቃቀ ክዕዘባ ኣብ ዝጀመረሉ ግን ከመዮ ዝተጸበዮ ዘይኮነስ፡ ደቂ ሰባት ብኽፍኣት ተመሊኦም፡ ገሊኦም ዝበኣሱ፡ ዝቀትሉ፡ ዝዝሙዉ፡ ዝሰርቁ ... ኮታስ ብኃጢኣት ተመሊኣ ብዝረኣያ፡ ኣዝያ ስለዘጨነቐቶ፡ ናብ ጎይታኡ ግልጽ ብምባል፡ መድኃኔ ዓለም ነዚ ኩሉ ክፋእ ክጸሮ ኣይከኣለንን ኢዩ “ክፍንዋ” ኢየ ብምባል ሓተቶ’ሞ፡ መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ድማ ያእ ኣይፋልካን ሃበኒ ደኣ ብምባል እቲ መሓሪ ኣምላኽ ብትዕግስቲ ክሳብ ንምለስ ዝጽበየናን፡ ኩሉ ግዜ ብዓይኒ ምሕረት ዝጥምተናን ሙኻኑ ገለጸሉ።

መድኃኔ ዓለም እምበኣር ካብ ኩሉ ባዕልና ክንከፍሎ ዘይክኣለና ዝንበረ ዕዳ ኃጢኣት ናጻ ጌሩ መስቀልና ጥራይ ክንጸዉር ዝደልየና ኣምላኽ ኢዩ።

ኣብ እምነትና ክንከፍሎ ዘሎና መስዋዕቲ፡ ኣብ ሓዳርና ክንከፍሎ ዘሎና መስዋዕቲ፡ ኣብ ስራሕና ክንከፍሎ ዘሎና መስዋዕቲ እንታይ ሙኻኑ ኣለሊና ብዝግባእ ክንነብሮን ክንጸሮን፡ ከነፍቅሮን መጸዋዕታና ኢዩ።

ከምቲ ዝግበኣና ንኽንነብር ክንከፍሎ ዘሎና ዋጋ ኣሎ። ገለ ግዜ ንኡስ ክመስል ይኽእል ይኸዉን። ክርስትያናዊ ሕይወት ጸዋዕታና እንተኾይኑ ነዚ ቅርጺ ዘትሕዝን፡ ስርዓት ዘትሕዝን ዝሕግዘና ምስጢራት ኣሎና፡ ኣብቲ ምስጢራትን ኣፈጻጽማኦምን፡ ብፍቕሪ ክንገብሮም ዘይተረኽብናሉ ነቲ ክንነብሮ ዝመደብናዮ ሕርየትና ነቑስሎ።

ንኣብነት፡- ከም ክርስትያን ክትነብር ትደሊ፡ ትነብር’ዉን ኣሎኻ ግን ምንሳሕ ዝጽለኣካ እንተኾንካ ወይ እቲ ዝተሓረኻሉ

ኣይተረደኣካን ወይ ድማ ካብቲ ክትምልሶ ዝግበኣካ ሕቶ ንምህዳም ኮነ ኢልካ እትወስዶ ሕርያ ኢዩ።

ዘሎናዮ ከባብን፡ ባህልን፡ ኩነትን ክጻልወና ዝርከበሉ እዋናት ዉሑድ ኣይኮነን፡ ክበድን ተጸባይነትን፡ ለይትን መዓልትን ንኽንሰርሕ ዝገብረና ሃለዋት'ዉን ስቕ ኢልካ ጎሲኻዮ ዝሕለፍ ኣይኮነን፡ ነዚ ኩሉ ሰጊርና ነታ ናይ ዓወት ኣኽሊል ንምጉንጻፍ እንጎዓዝ ተበዓት ክንከዉን ኢና ንጽዋዕ ዘሎና።

ክበድ የልቦን ማሌት ኣይኮነን፡ ጥበበኛ ሰብ ግን ነቲ ዘሎ ክበዱን መሰናኽላቱን ሲዒሩ፡ ናብ ርብሓኡ ዝልዉጥ ኢዩ።

ርግጽ ኢዩ መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ኩሉ ዕዳና ኣብ መስቀል ብምንጥልጣል፡ ምራቕ ወተሃደራት ብምቕባል፡ መግረፍቲ ተዓጊሱ ሓራ ጌሩና ኢዩ። እዚ ሓርነት'ዚ ክንነብሮ ኢና እምበኣር ንጽዋዕ ዘሎና።

ኩሉ ክበድና ክወስድ ዝመጸ ኣምላኽ። ኢሳይያስ ነብይ ብትንቢታዊ መልክዕ ኣብ ምዕ. 53 ነዚ ክገልጽ ከሎ፡-

"ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ጸሮ፡ ንስቓይና ኸኣ ኣብ ነፍሱ ጸዓኖ፡....... ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቖሰለ፡ ብሰሪ ኣበኣሳና ድማ ተኸትከተ፡ ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ መቕጻዕቲ ናባኡ ወረደ፡ ንሕና'ዉን ብስንብራቱ ሓዌና። *(ኢሳ. 53፡4-5)*

ቁስልና ከሕዊ ዝቆስልን ዝደምን ኣምላኽ!!!!!!!!!!!!!!!!!!!!

ኣብ ሞንጎና እምበኣር እዚ ዝመስል ኣተዓራቒ ኢዩ ዘሎና። ኣሕዋተይን ኣሓተይን ገለ ግዜ ንሓዉና ንጸልኣሉ ሸዉሃት ኣባና ዓዚዙ ክርከብ ከሎ፡ እቲ ምእንታና ዝቆሰለ ኢየሱስ ንርአ፡ "ወደይ ጋለይ ኣነ ክሳዕ ክንድዚ ዘፍቀርኩኻ ኢየ" ከምዝብለና ድማ ነስተዉዕ።

ብፍቕሪ ዝመኸነ ሰብ ናይ ክርስቶስ ክኸዉን ኣይክእልን ኢዩ። ዓለምና እናኸፍአት ትመጽእ ስለምንታይ ኢዩ ኢልና እንተሓተትና መልክዕ ፍቕሪ ናብ ረብሓናን ከምዝጥዕመናን፡ ከምዝስመዓናን፡ ጌርና ስለዝተርጎምናዮ ኢዩ።

በዚ ኸኣ ወዲ ሰብ ኣዕናዊ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ!!!

ኣኃዋተይን ኣኃተይን ኩሉ ነገርና ተስፋ ዘቁርጽ ሓንቲ ጽቡቕ ዘይብሉ ጥራይ ኮይኑ ግን ክስመዓና የብሉን። ዘበራትዕ መንፈስ ኣሎና።

ቅ. ጳዉሎስ ናብ ሰብ ሮማ እንክጽሕፍ፡ "ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣዚኹም ብተስፋ ምእንቲ ኽትህብትሙስ

እቲ ዝኣመንኩምዎ ናይ ተስፋ ኣምላኽ ኩሉ ሓጎስን ሰላምን ይምላእኩም። (ሮማ 15፡13)

እንማዕድዎ፡ ወረ ገለ ግዜስ ምሳና ዘሎ ግን ከኣ ዘይነስተብህለሉ ተስፋ ኣሎና።

ስለዚ፡ ሰላምን ተስፋን ዝመልእ ኣምላኽ ኢዩ ዘሎና፡ ተስፋና ሰላምና ሼጥና ከም ድኻታት ኣይንንበር። ወለዲ ኣሕዋት ኣሓት፡ ዉሉድ፡ ከሎና ዘኽታማት ሙኻን ኣይንምረጽ።

ኣምላኽ ይኾነኩም ኢዩ ኢሉ ዝሃበና ሓጎስ፡ ተስፋ፡ ሰላም፡ እንከሎና፡ ነዚ ኩሉ ሼጥና ኣብ ኢሕንን ኣሕንን ኣይንንበር።

ቤተክርስትያንና እዉን ንሕዳሴ ዝኸዉን ዓመተ ኢዮቤል፡ ናይ ተስፋ ዓመት ኣዊጃትልና ኣላ በዚ ክንሕደስን ክንምለስን ክንልወጥን ትዕድመና። ከም ደቂ ተስፋ፡ ተጋዕዝቲ ናይዛ ምድሪ ነጋድያነ ተስፋ ኮይንና ንኽንርከብ ኣምላኽ ጸጋኡ የብዝሓልና።

ኣሜን

መጠቓለሊ ሓሳብና፡ ኣብ ስቃያትና፡ ጽባቄን ህያብን ኣምላኽ ከነስተዉዕልን፡ በቲ ዘፍቀረና ኣምላኽ በጃና ዝኸፈሎ መስዋዕቲ፡ ተመሪሕና ነነሓድሕድና ብምፍቃር ኣብ ፍቅሩ ንኽንነብርን፡ ከም ደቂ ተስፋ ክንመላለስን ኢዩ።

ደጊመ ቡርኽ በዓል መድኃኔ ዓለም ይግበረልና፡ ንዓመታ እዚ እዋን ድማ ብደሓነ ሰላም የጽንሓና።

Recently, I was watching a video clip of an interview with a young boy who has cancer.

The interviewer asks the boy what he thought would be a difficult answer: "Why did God give you cancer?"

The boy, with unwavering faith, provided a series of remarkable and selfless answers:

The boy replied, God chose me for this journey.

When asked why he was chosen, he says, "Because I'm a special boy."

I am not mad at God.

The most moving part is when he explains why he is not mad: "Because I'm glad that He chose me.”

Sometimes suffering can lead us to the deep love of God.

This boy shows selfless love, as he expresses that he would rather endure the suffering himself than have his friends or family experience it.

The lesson I have learned from this video is the powerful testament of the child's strength, faith, and compassion.

My dear brothers and sisters in life (did you mean to say in life?), we pass through different sufferings, so I would like to invite you to see your suffering in the suffering of Jesus. And we learn how to carry our cross and follow him.

In carrying His Cross, Jesus shouldered more than wood; he carried the full weight of our sins. With each step, he transformed an instrument of shame into the very symbol of our salvation. He teaches us that our crosses, when united with His perfect sacrifice, are not dead ends, but the path to redemption and everlasting life.

I wish you all a happy feast of Medhanie Alem.

*ኣባ ሚካኤል ሶሎሞን*

**ኣብዚ ዕለት እዚ ብተወሳኺ ፍሉይ ዝገብሮ ናይ 4 ደቃትና መጀምርታ ቅዱስ ቁርባን እዮ።**



**ድሕሪ ስብከት ናይ ዑደት ስነ ስርዓት ተፈጺሙ።**



**ብመስቀል ተመርሑ፡ ማ. መድኀኔ ዓለም፡ ደቂ ኪዳነ ምሕረት፡ ማ. ቅዱስ ኣንጠኒዮስ፡ ማሪያም ደዓሪት፡**



ማ. ደቂ ብጽዕቲ ሮዛ፡ ምንቅስቃስ ተሓድሶ ናይ ጸሎት ጉጅለ መድኃኔ ዓለም፡ መዘምራን ተሰኒዩ እቲ ዑደት ብብራኬ ተፈጺሙ።



## ብምኽንያት ኢዮቤል ስሬት ኃጢአት ንምርካብ ንግደት መን እሰያት ቁምስና መድኃኔ ዓለም



መንእሰያት ቁምስና መድኃኔ ዓለም 5 ሚያዚያ 2025 ብምኽንያት ዓመተ ተስፋ እስታት 20 ዝኾኑ ንግደትን ሱባኤን ናብ ማሪያም ሉርድስ ግሮቶ ፈጺሞም።

አብዚ ዕለት እዚ ካብቲ ክልተ ወይ ሰለስተ ብስመይ አብ ዝተአከብሉ አብ ማእከሎም አለኹ ዝብል ቃል ቅዱስ ወንጌል ተመሪሑም ሰዓት 11 ቅ.ቀ አብቲ ቦታ ተአኻኺቦም፡ ብምሥጢረ ንስሓን መስዋ ዕተ ቅዳሴን ዝተሰነየ ቅዱስን ዝተባረኸን መዓልቲ ውዒሎም።

ድሕሪ ቅዳሴ ብኡንብኡ ዕደት ናብ ቅዱስ ሳት አሳእል እናገበሩ ልቢ ዝትንክፍን ዘረስርስን ጸሎት ልመናታትን ምስጋናን ብመዝሙር ዝተሰነየ ቅዱስ ዕደት ፈጺሞም። ድሕሪ'ዚ 'ናብ ቤት እግዚአብሔር ንኺድ ምስ በሉኒ ተሓጎስኩ' ዝብል መዝሙር ዳዊትን *122፡ 1* ከምኡ'ውን ወንጌል *ማቴ.18:19-20* ገቢሮም ሓጺር አስተምህሮን አስተንትኖን ፈጺሞም። ድሕሪ ቁርብ ሰዓታት ናይ ነብስን ስጋን መግቢ ተመጊቦም መዝሙር ምስጋና ዘሚሮም ብሰላም ነናብ ቤቶም ተመሊሶም።

አብዚ መዓልቲ በጋጣሚ ከም አደን ዓባይ ሓፍትን ኮይና ምስ መንእሰያትና አብቲ ናይ ንስሓን ጸሎትን ምስጋናን

ዝተሳተፈ ሓፍትና ዛይድ ገብረልዑል አባል ምስንቅስቃስ ተሓድሶ ናይ ጸሎት ጉጅለ መድኃኔ ዓለም'ውን ከነመስግና ንፈቱ።

**አባላት ጉጅለ ምንቅስቓስ ተሐድሶ መድኃኔ ዓለም ንግደት ናብ ማሪያም ሉርድስ ግሮቶ ፈጺሞም።**

ብዕለት 8 መስከረም 2025፡ አባላት ተሐድሶ መድኃኔ ዓለም ነቲ ወርሐዊ አኼብኦም ምኽንያት ብምግባር፡ አብ ማሪያም ሉርድስ ግሮቶ ብምኻድ መደብ አስተንትኖ ቃል አምላኽን ንስሓን ፈጺሞም።

ካብ ሰዓት 10 ቅድሚ ቀትሪ ዝጀመረ መደብ፡ ብፍሉይ ጸሎትን አስተንትኖን ተሲኒዩ ልክዕ ሰዓት 5:30 ድ. ቀ. ተወ ኡ።

እቲ መደብ ናይቲ ዕልት ነዚ ዝስዕብ ይመስል ነይሩ። አባላት ምንቅስቃስ ተሓድሶ መድኅኔ ዓለም ሰዓት 10 ቅ.ቀ አቢሎም አብቲ ቦታ ብምርካብ፡ መደቦም ብጹሎትን መዝሙርን ጀሚሮም። ቀጺሎም ናብ ቤተ-ክርስትያን ብምኻድ ስግደት አብ ቅድሚ ቅዱስ ቁርባንን ንዛዜን ኡካይዶም። ድሕሪኡ ኸአ አብቲ አብኡ ዝካየድ ዝነበረ ናይ ሰዓት 12 ቕዳሴ ተሳቲፎም። ድሕሪ ቕዳሴ ናብቲ መጀመርያ ዝተራኸብሉ ቦታ ተመሊሶም መንፈሳዊ ዕላል እንዳዕለሉ ኸአ ናይ ሻህን ቡንን ዕረፍቲ ወሲዶም።

ብምቅፃል'ውን ነቲ "መንገዲ መስቀል" ዝብል አርእስቲ ተዳሊዩሎም ዝነበረ ከስተንትኖ ክኢሎም።

በዚ መሰረት አስተንትኖ ኸአ ናይ ምስክርነት ጊዜ ብምፍጻም፡ ኩሎም ብዛዕባ እቲ አብ መዓልታዊ ሕይወቶም ብግሊ ዘጋንፎም መስቀል ሓሳባትን ተመኩሮታቶምን ተኻፊፋፊሎም።

አብዚ መደብ አምላኽ ኮይኑ ከአ፡ እቲ አብ ቤተ-ክርስትያን ዝተነበ ናይ ዕለቱ ቃል አምላኽ ምስቲ አብቲ መዓልቲ ዘስተንትንዎ ይመሳሰል ነበረ።

ከምኡውን ብዛዕባ ዓመተ ኢዮቤልን ትርጉሙን ብመንፈሳዊት አደ እናቴ ገነት ድሕሪ ተወሂብዎም፡ ቀጺለን ብናይ ዓመተ ኢዩቤል ጸሎት መሪሔኖኦም። አብ መወዳእታ ኸአ ጸሎቶምን መብጽዖዖምን አቕሪቦም ሽምዐ ወሊዖም ነናብ ቦቶኦም ተመሊሶም።

ስለ ኹሉ ነገር እግዚአብሔሬ ዝተመስገነ ይኹን!

ካብ ተሳተፍቲ አባል ጉጅለ ምንቅስቓስ ተሐድሶ መድኃኔ ዓለም



**ሓቤሬታ አገልግሎት ቅዱስ ቁርባን፡ ምብጻሕ ሕሙማት፡ ብራኬታት ዝርኢ፡**

| |
|---|
| **ረቡዕ** - ምሉእ መዓልቲ<br>10am -5pm<br>**ዓርቢ** - ናይ ምሸት - 2pm – 6pm |

**በዚ ዝስዕብ ደዊልና አገልግሎት ክንሓትት ንኽእል።**

| | |
|---|---|
| አባ ሓጎስ ተስፋጋቢር | 571 - 598 - 9236 |
| የማነ ነጋሽ | 202 - 674 – 1013 |

## ብተወሳኺ

| |
|---|
| **ንቕጻሴ**<br>**ዝርኢ ናብ የማነ ነጋሽ ብምድዋል ክንውከስ ትኽእል።** |

## ሓቤሪታ ድለባ ገንዘብ 2025

MedhanieAlem Ge'ez Rite ECC encourages automatic recurring deposits from your bank account to 501 to generate a continuous income source for the church and increase the creditworthiness.

**እንግልገለሉ ህንጻ ቤተ ክርስትያን ንምግዛእ ኣብ ንጡፍን ግብራውን ስራሕ ስለዘለና፡ ነቲ ካብ ባንኪ እንልቅሖ ገንዘብ መታን ክንረክብ፡ እቲ ንድለባ ገንዘብ (FR) ነበርክቶ ዓመታዊ ክፍሊት፡ በብወርሑ መቒልና ናብ ባንኪ ሕሳብ ቁምስናና ብቐጥታ ከም ዝኽፈል ክንገብር ቤት ምኽሪ ብትሕትና ይሓትት።**



ቁጽሪታት ሕሳብ ባንኪ ብውልቂ ክውሃብ ሰለዘለዎ: ኣብቲ ኣብ ዓመታዊ ኣኼባና እነዝውሮ ወረቐት፡ ምሉእ ሽምኩምን ቁጽሪ ተለፎንኩምን ክተስፍሩ ብትሕትና ንሓትት።

‘ግበረ ታቦት - ኣብዚ ዝሓለፈ 2024 ዓ.ም ከፊልካዶ ከፊልኪዶ፧ ዓመታዊ ግብረ ታቦት - $520 እዩ።

## ሰሙናዊ መደብ ቁምስናን

**መጀመሪያ ሰንበት** - ብመሪሕነት ምንቅስቃስ ተሓድሶ ናይ ጸሎት ጉጅለ ዝምራሕ ናይ ጸሎት መደብ

**ካልኣይ ሰንበት** - ናይ ወርሒ ሰዓት 2:00pm ዝጅምር ጸሎተ መቕጸሪያ

**ሳልሳይ ሰንበት** - ወትሩ ናብ መሎከታዊ ምሕረት ዚድገም መቕጸሪያ

**ራብዓይ ሰንበት** - ስግደት ኣብ ቁዱስ ቁርባን ሰዓት 2:00pm

## ወርሓዊ ናይ ጸሎት መደብ

| |
|---|
| ምንቕስቓስ ተሓድሶ መድኃኔ ዓለም ጉጅለ ጸሎት |
| ቀዳማይ ሰንበት ናይ ወርሒ 12 pm |

## ሰሙናዊ መደብ ማሕበራት

1ይ - ሰሙን - ማ.መንእሰያት
2ይ - ሰሙን - ማ.ደቂ ብጽዕቲ ሮዛ
3ይ - ሰሙን - ማ.ደቂ ቅ.ኣንጠኒዮስ
4ይ - ሰሙን - ማ.ደቂ ኪዳነ ምሕረት

## ዓበይቲ በዓላትን ጉዳያትን ቁምስና 2025

**13 መስከረም 2025**
**ርእሰ ዓውደ ዓመት**
ቅዳሴ፡ 7pm
ቦታ፡ Holy Spirit

**27 መስከረም 2025**
ቀዳም ምሸት
ምህለላ

**ቦታ፡ ደናግል ደቂ ቅ ሃና**

3pm – 9pm

**አድራሻ/**

6505 Pine Lane Dr, Camp Spring

**28 መስከረም 2025**

**በዓለ መስቀለ**

**ቅዳሴ:** 2pm

**10-12 ጥቅምቲ 2025**

**4ይ ጉባኤ ካቶሊካውያን መንእሰያት ኤርትራ - አብ ምብራቓዊ ሕቡራት መንግስታት አመሪካ**

10-12 October 2025

4th Annual YECH Conference Eastern USA Region

**18 ጥቅምቲ 2025**

Fundraising Dinner Night GYM

**14 ታኅሣሥ 2025**

**ሱባኤ መቀራረቢ ልደት**

**13 ታኅሣሥ 2025**

Christma party

**24 ታኅሣሥ 2025**

**በዓለ ልደት**

**ቅዳሴ፡** GYM

6pm


















## አዳላዊ መጺሔት አባ ሓጎስ ተስፋጋቢር



# ኅበነ ንህበር በዘዚኣከ መንፈስ ቅዱስ

**Veni Sancte Spiritus | Come Holy Spirit | ንዓ መንፈስ ቅዱስ ንዓ**